መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽርታት፡ ትምህርቲ ኣብ ገዛ

## ሓሳባት ንቁጽሪ ሓዘል ጸወታ

### ጸወታ ዝላ ሕንጻጽ ኣብ ባይታ/ጠለይጠለይ

ቁጽርታት ክትመሃርን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብርን እዚ ዝበለጸ'ዩ።

### ምንጥብጣብ ኲዕሶ/ሰብ ሰርሖ ፍሕኛ/ባላንቺና

ንሓንቲ ፍሕኛ ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል ኣብ ገዛእ ርእሳ መሬት ከይተንከፈት ከተንጠብጥባ ከምእትኽእል ፍቐድ። መሬት እንድሕሪ ተንኪፋ ከምብሓድሽ ጀምር።

### ዱምና/ዶሚኖታት

ነጠብጣባት ዱምና ፍቐዶምን ኣዛምዶምን።

**መዝሙር ቁጽርታት፡ ጭደራን ደርፍን ኣስምዕ።**

### ናይ ጣውላን ዳይን ጸወታት

ደቅኻ ነብሲ ወከፍ ነጠብጣብ በብሓደ ክይፈቕዱ ክለልይዎም ሓግዞም። ንኣብነት፡ እዚኣ ኣርባዕተ ምኻና ኣነ ይፈልጥ'የ፡ ምኽንያቱ ክልተን ክልተን ክርኢ ይኽእል ኣለኹ። ኣብ ግዜ ጸወታ ቦታታት ከተንቀሳቕስ እንከለኻ ዓው ኢልካ ፍቐድ።

### ጸወታታት ኣብ ኤለክትሮኒካዊ ነገራት

ኣብ'ዚ ዛንታታት ሓዘል ግድላዊ ጸወታታት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝካየዱ ውድድራትን ስፖርታዊ ጸወታትን ኣካትት።
ኣብ ኮምፒተር ዝካየዱ ግድላዊ ጸወታታት ምስ ደቅኻ ተጻወትን ከም'ዚኦም ሕቶታት ከኣ ሕተቶም፡ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ክትበጽሕ ክንደይ ጽሩራታት የድልየካ?

### ጸወታታት ካርድ

ናይ ካርድ/ካርታ ጸወታታት፡ ቁጽርታት ክትመሃር፡ ተመሳሰልቲ ቁጽርታት ከተዛምድን በብእብረ ምቅይያር ክትመሃርን ኣዝዮም ጽቡቓት'ዮም።

### ኣደላላይ ተርጋ መኪና

ኣብ ቁጽሪ ታርገኣን ቁጽሪ 1 ዘለወን መካይን ድለ። ድሕሪኡ ከኣ ቁጽሪ 2 ዘለወን፡ ድሕሪኡ ቁጽሪ 3... ወዘተ።

### ዝገጣጠሙ ግድላት

ደቅኻ ክገጣጥምዎ ዝኽእሉ ልክዕ/ቅኑዕ ቅርጽታት እናመረጹ ንግድላት መሊኦም ከምዝወድኡ ግበሮም።

### ምስጢራዊ ቁጽሪ

ሓደ ቁጽሪ ሕሰብ። ንደቅኻ ኣንፈት/ኣመት እናሃብካ ነቲ ቁጽሪ ክግምትዎ ሕተቶም። ምናልባት ከም'ዚ በል፡ ቁጽረይ ካብ 10 ንላዕሊ ካብ 19 ከኣ ንታሕቲ'ዩ። ምሉእ ቁጽሪ'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ 'ደርዘን' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**ዝተቐብረ ፍሒርካ ምርካብ**

**ኣብ ከባቢ ገዛኹምን ጀርዲንኩምን ደቅኻ ደልዮም ክረኽብዎም ዝኽእሉ ዝርዝር ነገራት ጸሓፍ። ንኣብነት፡ ሰለስተ ዓካት፡ ኣርባዕተ ቡናዊ ሕብሪ ቆጽሊታት፡ ሓንቲ ቀያሕ ቆጽሊ፡ ሓሙሽተ መትሓዚ ዝተሰጥሐ ክዳን፡ ክልተ ቀያሕቲ ሕጡባት/ዕንጸይትን ሓንቲ ዛዕጎልን።**



Department of Education

ዝያዳ ጽሑፋት ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።

© Department of Education, Western Australia, 2015
cc BY